



# ፈደላት ብግቡእ ብዘይምርኣይ ዝመጽእ ናይ ምንባብ ጸገም

– ሓበሬታ ንወለዲ



ናይ ምንባብ ጸገም ንዘለዎም ተመሃሮ ወለዲ ብጠቕላላ፡ ብዛዕባ እዚ ጸገም ኽፈልጡ ንምግባር፡ በቲ ኮሙነ ዝጥቀመሎም ናይ ሓገዝ ኣገባባት ኣቢልካ ከም ወለዲ መጠን ንናይ ምንባብ ጸገም ንዘለዎ ውላዶም ክገብርዎ ዘለዎም ሓገዝን ሓሳባት ንምሕጋዝ ብናይ ቋንቋን ምንባብን ፍልጠት ክኢላታት ማዕከን ዝተዳለወ እዩ።

A B C D E F

## | እዚ ዝስዕብ ኣብዛ መጽሓፍ ከተንብቦ ትኽእል


**3** ናይ ምንባብ ጸገም

**4** ባህርያት (ምልክታት)

**5** ኣናብባ

**6** ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ቴክኖሎጂ (ምምቴ LST)

**6** መሰረት ተግባራት

**7** ኖታ – ዲጂታል ቤት ንባብ

**8** ናይ ምንባብ ጸገም ንዘለዎም ተመሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ሓገዝ

**9** ናይ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ፈተና

**9** ቤት ትምህርቲ ካባኹም ከም ወለዲ መጠን ዘለዎ ትጽቢት

**10** ዕዮ ገዛ

**10** ናይ ወለዲ ሓገዝን ኣገዳስነቱን

**11** እቲ ቆልዓ ባዕሉ ክዝክር ኣለዎ

**11** ተወሳኺ ፍልጠት

## ናይ ምንባብ ጸገም

ናይ ምንባብ ጸገም ዘጓንፍ ነተን ኣብ ሓደ ቃል ዘለዋ ፊደላት እንዳጣመርካ ልክዕ ድምጺ ከምዘስዓ ምግባር ዘይምኽኣል እዩ፡ ፊደላት ተጠቒምና ብምጽሓፍ ድምጺ ከምዘስምዕ ናይ ምግባር ናይ ጽሑፍ ኣገባብ ሕጋዊ ድምጺ ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ እዩ፡ ኣብ ናይ ጽሑፍ ኣገባብ ሕጋዊ ድምጺ ዝረአ ጸገማት ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ብዙሕ ናይ ምንባብ ጌጋታት፡ ብመነጽር እቲ ናይ ቃላት ድምጺ ክምዘን ከሎ
- ሓደስቲ ቃላት ናይ ምንባብ ጸገም
- ናይ ሓደ ቃል ፊደላት ኣብ ምዝርዛር ናይ ነዊሕ ግዜ ጸገም

ኣብ ቃላት ዝተሶከዑ ፊደላት ብግቡእ ዘይምንባብ ቀጻሊ ጸገማት ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ዘንበብካዮ ርድኢት ጸገም ከምዘጓንፍ ክፍለጥ ይግባእ፡ ፊደላት ብግቡእ ዘይምስኳዕ ቐጻሊ ጸገም ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ልክዕ ዘይምንባብ፡ ነቲ ዘንበቦ ብጌጋ ምርዳእ፡ ውሑድ ቃላት ምፍላጥን ልምዲ ናይ ምንባብን ምርዳ ዕን ዘይምህላው ከም ኡ ውንዝተፈላለዩ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ቃላት ዘይምፍላጥን ክኸውን ይኽእል።

ልክዕ ናይ ምንባብ ጸገም፡ ኣካል ናይ ዘይቀዋሚ መጠነ ጉድለት ኮይኑ፡ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎ እዩ። ናይ ምንባብ ጸገም ኣለካ ማለት፡ ከተንብብን ቃላት ክትሰኩዕን ንክትመሃር ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት ኣይኮነን፡ ቅልጡፍን ርግጸኛ ኣንባብን ንምኳን ብግቡእ ኣቐሚጥካ፡ ንዘጓንፈካ ብድሆታት ምስዓር እዩ።

ሃገራውን ዓለማውን መጽናዕቲ ከምዝምስክሮ፡ ብዓለም ደረጃ ካብ 5 ክሳብ 7% (ሚእታዊት) ህዝቢ ዓለም ናይ ምጽሓፍ ቋንቋ ድኽመት ከምዘለዎ እዩ፡ እዚ ከኣ ካብ ናይ ምንባብ ጸገም ዝምንጩ ምኳኑ እዩ። ንዝያዳ ኣፍልጦ ኣብዚ ጠውቕ፡ **Emu.dk**

## ባህርያት (ምልክታት)

እቲ ቀንዲ ምልክታት ወይ ባህርያት፡ ናይ ምንባብ ጸገማት፡ ናይ ሓደ ቃል ፊደላት ምዝርዛር ጸገም፡ ፊደላት ቀሪምካ ሓደ ትርጉም ዘለዎ ቃል ኣብ ምፍጣር ዘሎ ጸገማት እዩ። ነቲ ፊደላት ብግቡእ ርእዩ ንምንባብ ዝጽገን ሰብ፡ ነተን ፊደላት ናብ ድምጺ፡ ወይ ውን ነቲ ድምጺ ናብ ፊደላት ናይ ምቕያር ጸገም ይኾኖ።

እዚ ነቲ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ንኽንብቡ ነዊሕ ግዜ ይወስደሎም ማለት እዩ፡ ንምንባብ ኮነ ንምጽሓፍ ዝወስደሎም ግዜ ይፈላለ እዩ።

ፊደላት ብግቡእ ርእዮም ንምንባብ ዝጽገሙ መብዛሕትኡ ግዜ ቅድምሕጂ ርእየሞ ወይ ኣንቢቦሞ  ዘይፈልጡ ሓድሽ ቃላት ምስ ዝኸውን ኣዝዩ የጸግሞም፡ ፊደላት ብግቡእ ርእዩ ንምንባብ ዝጽገም ሰብ ዘንበቦ ክርደኦን ክዛረበሉን ይጽገም ብዙሕ ቃላት ከኣ ኣይፈልጥን።.

ንገለ ተመሃሮ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ብደረጃ ዕድሜኦም ልምምድ ጌርካ ከምዘንብቡ ክግበር ይከኣል እዩ፡ እቲ ፍጥነት ናይ ምንባብ ኩልግዜ ለጠቕ ዝበለ ስለዝኸውን ናይ ዘንበቦ ርድኢት ትሑት ክኸውን ይኽእል እዩ። ፊደላት ብግቡእ ርእዮም ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ተመሃሮ፡ ናይ ሓደ ቃል ፊደላት ምዝርዛር ቀጸሊ ጸገም ክኾኖም ይኽእል እዩ።

ኣብ ናይ ትምህርቲ ዓለም ዝበጽሐ ቆልዓ ፊደላት ብግቡእ ክርኢ ብዘይምኽኣል ናይ ምንባብ ጸገም ንኸየማዕብልን ነቲ ጸገም ንምቕናስን ብኣግኡ እንክሎ ዕላማ ብዘለዎ ቅልጡፍ ሓገዝ ክግበረሉ ይግባእ፡ እዚ ውሳነ ዝውሰድ ግን እቲ ተመሃራይ ኣብ ናይ መጨረሻ 3ይ ክፍሊ ምስ በጽሐ እዩ ዝኸውን።

ካብዚ ፊደላት ብግቡእ ብዘይምርኣይ ልክዕ  ዘይምንባብ ዝመጽእ ጸገም ጨሪሽካ ክትገላገል እኳ እንተተዘይተኻእለ፡ ብናይ ምጽሓፍ ተክኖሎጂን ብልምምድን ትምህርትን ኣቢልካ ክመሓየሽ ይከኣል እዩ። በዚ ዓይነት ሓገዛት ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቱን ትምህርቲ ዓለምን ብግቡእ ክጠናቐቕ ይኽእል።

## ኣናብባ

ምንባብ ኣብ ክልተ እግሪ ይምቀል ልሙድ ምንባብን ናይ ምስማዕ ንባብን ይበሃል፡ **እቲ ልሙድ ምንባብ** (ብዓይንኻ እንዳረኣኻ ተንብቦ) ንሓደ ቆልዓ ነቲ ዝርእዮ ዘሎ ንኽዝክሮን ክዕቅቦን ተለማምዶ፡ እዚ ናይ ምዝካርን ምዕቃብን ልምምድ ንሓደ ቆልዓ ምስኡ ዝኸይድ መጻሕፍቲ ብምሃብ ነብሱ ክኢሉ ከምዘንብብ ምግባር እዩ፡ ዓቕሙ ዝኾነ መጻሕፍቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ክረኽበሉ ክተሓጋገዝ ይኽእል እዩ።

እቲ ልሙድ ምንባብ ክንበብ ከሎ ወለዲ ጽን ኢሎም ብምስማዕ ነቲ ቆልዓ ክሕግዝዎ ይግባእ። እንተድኣ ንሓንቲ ቃል ንምንባብ ጋእ ጋእ ኢሉ ባዕሉ ደጋጊሙ ከንብባ ክፍትን ዕድል ምሃቡ፡ ካብኡ ብዝተረፈ ነታ ቃል ተንብበሉ እሞ ምንባቡ ከምዝቕጽል ምግባር። እቲ ዝወሃቦ መጽሓፍ ካብ 92 ክሳብ 95% ከንብቦ ዝኽእል መጽሓፍ ክኸውን ከምዘለዎ ኣገዳስን ክፍለጥ ዘልዎን ጉዳይ እዩ፡ እዚ ማለት እቲ ቆልዓ ኣናሻዕ ኣብ ነፍስወከፍ ገጽ ካብ ምንባብ ጠጠው ዘብሎ፡ ዘይመጠኑ መጽሓፍ ክኸውን የብሉን። ከምኡ እንተኮይኑ መጠኑ መጽሓፍ ክወሃቦ ይግባእ።

ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ገዛ ምዓልታዊ ከንብቡ ኣለዎም፡ ሓደ ሓደ ግዜ ብዝሕ ዝበለ ንሓንሳብ ከኣ ውሕድ ዝበለ ከንብቡ ይኽእሉ፡ ነዞም ፊደላት ብግቡእ ርኢኻ ምንባብ ዝጽገሙ፡ ምንባብ ብዙሕ ከህልኾም ስለዝኽእል ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ምስማዕ ንባብ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ካልኣይ እግሪ ንብሎ **ናይ ምስማዕ ንባብ (ብእዝንኻ ምንባብ)** እዩ ኣብዚ ምስ ዕድመ እቲ ቆልዓ ዝኸይድ ኣረፍተ ነገራትን ዛዕባታትን ብምህላዉ፡ ብዙሕ ቃላት ከምዘጽንዕን ናይ ምንባብ ሽውሃትን ድልየትን ይፈጥረሉ፡  እቲ ቆልዓ ኣብ ክንዲ ነቲ ቃላት ክዝክሮምን ክዕቅቦምን ዘድህብ፡ ነቲ ኣናብባን ኣረፍተነገራትን የስተማቕር።

ከም ወለዲ መጠን ብዛዕባ እቲ ብድምጺ ዝተነበ ንውላዶም ክሓትዎ ይኽእሉ፡ ንኣብነት ኣብ ናይ ሎሚ ቀንዲ ተዋሳኢ ዝነበረ ኣብቲ ንባብ እንታይ ኣጓኒፍዎ? እቲ ጉዳይ ኣበይ እዩ ተኻይዱ? ብዛዕባ እንታይ ከ እዩ ኔሩ? ሎሚ ካብ ዘንበብካዮ ኣዝዩ ደስ ዘብል ነገር እንታይ ኔሩ? ዝብሉ ሕቶታት ከተቕርቡ ትኽእሉ።

## ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ቴክኖሎጂ (ምምቴ LST)


ፊደላት ብግቡእ ብዘይምርኣይ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎ ሰብ ኣድላይ ሓገዝ ክረክብ መሰሉ እዩ፡ ኣብ ሲልከቦርግ ኮሙነ ሓንቲ ኮምፑተር ኣላ ናይ ምንባብ፡ ቃላት ንምምራጽ ትሕግዝን፡ ነቲ ቃላት ተድምጽን፡ እቲ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎ ሰብ ዲጂታል ኣረፍተነገር ክህልዎን ብናይ ዲጂታል ፕሮግራም ክንበበሉን መሰሉ እዩ።

ኣብ ሲልከቦርግ ኮሙነ ኩሎም ተመሃሮ ናይ መከሓሓሲ ፕሮግራም ማለት ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ቴክኖሎጂ (ምምቴ LST) ብ ዩኒሎግኢን (unilogin) ኣቢሎም ክኣትዉ ይኽእሉ ኢዮም። ነዞም ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ተመሃሮ ነቲ ፕሮግራም ንኽፈልጥዎ ሓገዝ ይግበረሎም እዩ። እቲ ሓገዝ ወይ ካብ ናይ ምንባብ ኣማኻሪ (ካብ ኢቲ ጠበቓ ዝበሃል ቤ ትጽሕፈት IT-advokat ) ወይ ውን ካብ ገዛእ ርእሶም መማህራን ክኸውን ይኽእል። ምምቴ (LST) ተመሃሮ ክፈልጥዎ ዘለዎም መሰረታዊ ነገራት ይሃልዎ እንበር ንነፍስወከፍ ተመሃራይ ዝኸውን ኣፍልጦ ምስ ውልቀ መምህር ዝግበር ዘተ ይኸውን።

### መሰረታዊ ተግባር



ምንባብ ናይ ቃል ርእይቶ



እቲ ክዝርዝር ዘለዎ ቃል ናብ ዲጂታል ምስ ዝቐርብ እታ ናይ ምንባብ ፕሮግራም ናይ ቃል ርእይቶ ነቲ ኣረፍተነገር ዓው ኢላ ከተንብቦ ትሕግዝ፡



ናይ ምዝራብ ኣረፍተነገራት ስካኒንግ (ምስኣል ወይ ምቕዳሕ OCR )

እዛ ንኣረፍተነገር ምዝራብ ከኣ ነቲ ስካኒንግ ናብ ዲቫይስ ልኢኹ ዲጂታል ከምዝኸውን ይገብር፡ ቀጺሉ ተጻሒፉ ከምዝንበብ ይኸውን።

## ኖታ – ሓደ ዲጂታል ቤት ንባብ

ኖታ ዲጂታል ቤት ንባብን ናይ ፍልጠት ማዕከንን ኮይኑ ነቶም ናይ ምንባብ ድኽመት ዘለዎም ናይ ድምጺ መጻሕፍትን ኤለክትሮኒክ መጻሕፍትን ዝቕርብ እዩ። ኣብዚ ኖታ ልብወለድ፡ ናይ

ፍልጠት መምሃሪ፡ ካብ ጋዜጣታት ዝተረኸበ ኣርእስትታት፡ ብዲጂታል ዝተረኸበ ካርቱን ከምኡ ውን ካብ መባእታዊ ትምህርቲታት ዝጥቀምሉ መጻህፍቲ ዝተቐድሐ ከም ገዛ ዕዮ መሳሊ ብፒዲኤፍ (PDF) ዝሓዘ እዩ።

ናብ ኖታ ዝምዝገብ ቤት ትምህርቲ ኮይኑ ካብ ወለዲ ፍቓድ ምስ ዝህሉ እዩ፡ እቲ ቆል ዓ ኣብ ኖታ ምስ ተመዝገበ ግዝያዊ መእተዊ ኮድ ናብ ኖታ ቤት ንባብ ይወሃቦ፡ እቲ ግዝያዊ መእተዊ ኮድ በቲ ክምዝገብ ከሎ ዝተጻሕፈ ኢመይል ኣቢሉ ይለኣኽ፡ እዚ ናይ ወድኻ ኣባልነት ንምሉእ ህይወቱ ዘገልግል እዩ።

**ኣባል ናይ ኖታ ምዃንን ዘሎ መጻሕፍቲ ምጥቃም ብዘይ ክፍሊት ብነጻ እዩ።**

**ኣብ ኖታ መጻሕፍቲ ንምርካብ በዚ ተጠቐሙ nota.dk**

ውላድካ ናብ ኖታ ንም እታው ናይ ተጠቃሚ ቁጽሪን (brugernummer) መእተዊ ኮድን (adgangskode) ክጥቀም ኣለዎ ወይ ድማ ኡኒሎግኢን (UNI-login) ውላድካ ብኮምፑተር፡ ታብለት ወይ ስማርት ሞቢል ጌሩ፡ ወይ ከውርዶ ወይ ውን ናይ ኖታ ናይ ድምጺ መጻሕፍቲ ክሰምዕ ይኽእል፡ ኖታ ኣፕስ ወይ ኖታ ቤት ንባብ (Notas app, Nota Bibliotek) ናይ ድምጺ መጻሕፍቲ ንምስማዕ ንውላድካ ዝቐለለ ይገብሮ፡ ብ ኣይ ኦ ኤስ ከምኡ ውን ኣንድሮኢድ (iOS፡ Android) ንዝጥቀማ ሞባይል ይሰርሕ እዩ።



## ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ሓገዝ

## ናይ ምንባብ ጸገም ንዘለዎም ተመሃሮ

### ናይ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት እዚ ዝስዕብ እዩ

ግዜኡ ዝሓለወ ብቑዕ ኮምፑተር ምስ ብቁዕ ውሽጣዊ መሳርሒኡ

ቆልዑ ኣብ ኖታ ምምዝጋብ

ንተመሃሮ ምስ ምንባብን ምጽሓፍን ተክኖሎጂ ምፍላጥ

ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ኩሉ ዘድሊ ብዲጂታል ቅሩብ ምግባር

እቶም መማህራን ብቁ ዕ ኣፍልጦ ናይዚ ዘለዎም ኮይኖም

ኣመሃህራን ኣገባብ ኣጠቓቕማ ምንባብን ምጽሓፍን ተክኖሎጂ ዝውንኑ

ንወለዲ ናይ እቲ ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎ ተመሃራይ ናይ መጻኢ መደብ ዘንጽር መደብ ብምድላው ኣኼባን ዘተን ምስ ቤት ትምህርቲ ንኽህሉ ምግባር

ነቶም ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ተመሃሮ ዝበቅዕ ኣገባብ ኣመሃህራ ንኣብነት፡- ዲጂታል መስርሕ ማለት ንባብ፡ ናይ ቃላት እይቶ ንኣረፍተ ነገር ምዝራብ ከምኡ ውን ስካን (OCR) ዝብሉ መስርሕ ብምጥቃሞም እቲ ቤት ትምህርቲ ካብቶም ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም እንታይ ይጽበ

ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ናይ ኣመሃህራ ቕጥዕን ስትራተጅን ብቖጻሊ ምስ ተመሃሮ ምዝታይ

)

ነብሰ ምት እምማኑን ስነሓሳብን ንምም ዕባል ተመሃሮ ብዝራኸብሉ ኣገባብ ሓገዝን ኣፍልጦን ምሃብAt

ኣብ ግዜ ምርመራን ፈተናን እቲ ምንባብ ምጽሓፍ ተክኖሎጂ (LST) ፣ብግቡእ ይሰርሕ ምህላዉ ምርግጋጽ

### ናይ ቀዳማይ ደረጃ ፈተና:

ብምኽንያት ፊደላት ብግቡእ ዘይምስትብሃል ናይ ምናብ ጸገም ዘለዎም ተመሃሮ ናይ ቀዳማይ ደረጃ መጠናቀቒ ፈተና ክወስዱ ምሉእ መሰል ኣለዎም፡ ብፍሉይነት ተራእዩ ዝኣክል ግዜ ክወሃቦምን፡ ኣብ ምዓልታዊ ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ዝጥቀምሉ መሳርሒ ውን ኣብ ፈተና ክጥቀምሉ ይፍቀዶም እዩ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ቀዳማይ ደረጃ መጠናቀቒ ፈተና ብፍሉይ ኣገባብ ከምዝካየደሎም ክፈልጡ ይግባእ፡ ነቶም ተመሃሮ ከኣ ቅሩባት ክኾኑ ክገብሩ ሓላፍነት ኣለዎም፡ ኩሎም ናይ ምንባብ ጸገም ዘለዎም ሓደ ዓይነት ጸገም ኣለዎም ማለት ስለዘይኮነ፡ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓላፊ ምስ ወለድን ምስ እቲ ቆልዓን መማህራኑን ብምዝታይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ድልየት ዝማላኣሉ መስርሕ ክገብር ሓላፍነት ኣለዎ።

## ቤት ትምህርቲ ካባኹም ከም ወለዲ መጠን ዘለዎ ትጽቢትre

ዝኾነ ዘሻቕል ወይ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ክትራኸቡና ንጽበ፡ ንናይ ውላድካ መምህር ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ምንባብ ኣማኻሪ ወይ ውን ብመሪሕነት ቤት ትምህርቲ ኣቢልኩም ክትራኸቡና ትኽእሉ።

ብጀካ እዚ ከም ወለዲ መጠን እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ኣለኩም፡-

ኣብ ናይ ወለዲን ቤት ትምህርትን ኣኼባ ብዛዕባ ናይ ሓባር ስራሕ ወይ ምናልባት ናይ መጻኢ መደብ ኣብ ምውጻእ ክትካፈሉ፡

እቲ ምንባብን ምጽሓፍን ተክኖሎጂ፡ ናይ እቲ ተመሃራይ መጻኢ ዕድሉን ሕልምታቱን ግሁድ ክኸውን ወሳኒ ዝገብሮ ብምዃኑ ብግቡእ ክትፈልጥዎን ኣብ ኣጠቓቕማ ክትሕግዝዎን ይግባእ፡ ብተወሳኺ ንናይ ምንባብ ጸገሙ ብዝምልከት ምስ ውላድኩም ብዛዕባ ስምዒቱን ኣተሓሳስብኡን ብቐጻሊ ክትዛተዩን ይግባእ። ምናልባት ኣብዚ ምውካስ ይከኣል፡ **Nota**

### ዕዮ ገዛ

ብዛዕባ ዕዮ ገዛ ዝምልከት እንታይ ከምትገብሩ ምስ ቤት ትምህርቲ ተዛተዩሉ፡ ንባብ ዕዮ ገዛ ንጹር መደብ ክወጸሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ውላድካ እንተድኣ ዝተዋህቦ ዕዮ ገዛ ታሪኽ ናይ ዴንማርክ ወይ ውን ውሱን ትምህርታዊ ሓዘል (ሳብጀክት) ኮይኑ፡ ብዓይንኻ ንባብ ቀልጢፉ ከድክሞ ስለዝኽእል፡ እቲ ናይ ብእዝንኻ

ምስማዕ ንባብ ክጥቀም ኣገዳሲ እዩ፣ ናይ ምስማዕ ንባብን ጭቡጥ ቆጸራ ዕዮ ገዛን፣ ንዝተነበ ዓቢ ኣድህቦን ርድኢትን ይፈጥር እዩ።

ኣብቲ ዝወሃብ ብዝሒ ዕዮ ገዛ መጠነኛ ክኸውን ይግባእ፣ ካብ ተመሃራይ ንተመሃራይ ስለ ዝፈላለ ኣብቲ ምስ ቤት ትምህርቲ ዝተኣትወ ውዕል መጻኢ መደብ እቲ ቆልዓ ኣዛሚድካ፣ እቲ ዝወሃብ ዕዮ ገዛ ብኣግኡ ክግመት ይከኣል እዩ።

## ናይ ወለዲ ሓገዝን ኣገዳስነቱን

ከም ወለዲ መጠን  ብዛዕባ ጸገማት ውላድኩምን ኣኼባ ተኻፋልነትኩም ተረባሕቲ ትምህርቲ ክትኮኑን ምስ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህቲ ክትተሓጋገዙ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ብዝከኣል መጠን እዚ ዝስዕብ ንጠልብ ንሱ ድማ፣-

ምስ ቤት ትምህርቲ ብሓባር ዝተኣትወ ውዕል ምክትታል

ውላድኩም ብምንባብን ምጽሓፍን ተጅኖሎጂ ኣቢሉ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ምጥቃሙ ንምፍላጥ ሕተቱ።

እቶም መጻሕፍቲ ዘንብቡ ወለዲ ኣብነታውያን እዮም ዝኾኑ ንደቆም፣ እንታይ ዓይነት መጽሓፍ ተንብብ ውን ኣገዳስነት ኣለዎ፣

ኩልግዜ፣ መዓልታዊ ጉዕዞ እቲ ቆልዓ፣ ሓንጎሉ ብዛዕባ ናይ ምንባብ ጸገማቱ ጥራሕ ክመልእ የብሉን፣ ብዛዕባ ንፍዓቱን ክእልቱን ሓያል ጎኑን ምዝራብ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

## እቲ ቆልዓ ባዕሉ ክዝክር ኣለዎ

ሓገዝን ረዳትን ከምዘድልዮ ከተሓሳስብ

ኣብ ዝወሃብ ትምህርቲ ንጡፍ ተኻፋልነት ክህልዎን ነቲ ምንባብ ምጽሓፍ ተክኖሎጂ (ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ገዛን) ክጥቀመሉ ከምዘለዎ

ምስ ተመሃሮ ዝግበር ርክባትን ምስ ናይ ተመሃሮ መራኸቢን ምክፋልን ብዛ ዕባ ብሰንኪ ንፌደላት ብግቡእ ዘይምስትብሃል ንዘለካ ናይ ምንባብ ጸገም ብግልጺ ምዝራብ

ምንባብን ምጽሓፍን ብርቱዕ ምኳኑ ምእማን
– ግን ከኣ ንስኻ ንፉዕ ኮንካ ትኽእሎም ብዙሕ ነገራት ከምዘለዎ ምዝካር

## ተወሳኺ ፍልጠት

”ናይ ምንባብ ጸገም Ordblindhed – ናይ ኢድ ንእሽቶ መጽሓፍ ንወለዲ en håndbog til forældre” **Andreasen, K. & Jandorf, B. D. (2013). Special-pædagogisk Forlag. እዚ ስም ደራስን** ናይታ መጽሓፍ ስምን እዩ።

ብዛዕባ ናይ ምንባብ ጸገም ዶ ክሕብረካ Skal jeg fortælle dig om ordblindhed? ትብል መጽሓፍ **Hultquist, A. M. (2015). Dansk Psykologisk Forlag.** እዚ ስም ደራስን ስም መጽሓፍን እዩ

ኖታ Nota – et ዲጂታል ቤት ንባብ ኣብዚ ናይ ንባብ ጸገም ንዘለዎም ካብ ጋዜጣታት ዝተረኸበ፡ ከምኡ ውን መምርሒ ንወለድን ይርከቦ፡ ኖታ - መምርሒ ንወለዲ Nota: **Nota - Forældreguide**

እዚ ኡዋብሊንህድ (ናይ ምንባብ ጸገም) መርበብ ሓበሬታ እዩ፡ ኣብዚ ከመይ ጌርካ ንናይ ምንባብ ጸገም ንዘለዎ ውላድካ ትሕግዝ መምርሕን ሓበሬታን ትረክብ፡ **Ordblindhed.dk**

VIDENCENTER
FOR SPROG OG LÆSNING

Silkeborg
Kommune

Layout:SilkeborgKommmune·Skole9892·11.2021